***<u>ድሑራት ኣተሓሳስባታት ጸረ ህዝባዊ ቃልስናን ስሉጥ ዓወቱን</u>***
***<u>ስለ ዝኾኑ ንምፍሻሎም ብንቕሓት ንቃለስ!</u>***

***ሓደ ደርባዊ ሕብረተ-ሰብ ኣብ ዝመርሖ ኩሉ-መዳያዊ ሂወትን ዘካይዶ ቃልስን፡ ዝተፈላለዩ ኣራኣእያታት፡ እምነታትን ባህልታትን ክህልዉ ውሁብን ባህርያውን እዩ። እዞም ዝተፈላለዩ ኣራኣእያታት፡ እምነታትን ባህልታትን እዚኣቶም ድማ ገሊኦም ብባህርያዊ /ተፈጥራኣዊ/ ገሊኦም ድማ፡ ኣብ መስርሕ ህልውናን ቀጻልነትን ናይ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ዝፍጠሩ፡ ዝምዕብሉን ዝውረሱን ኣብ መንነትን እንታይነትን ናይ'ቲ ህዝቢ ኣብ ምቕራጽን ምግላጽን ውድዓውን መሰረታውን ተራ ዘለዎም ተርእዮታት'ዮም። ኩሎም ኣብ'ቲ ሕብረተ-ሰብ ዝንጸባረቑን ዝተሓዙን ኣረኣእያታትን እምነታትን ሓደ ዓይነትን ሓደ ዓይነት ኣገልግሎት ዝህቡን ብኣወንታ ወይ ብኣሉታ ጥራሕ ዝግለጹን ኣይኮኑን።***

***እንታይ ደኣ ምስ ናይ ዝውንኑዎም ሰባትን ሕብረተ-ሰብኣዊ ክፍልታትን ባህሪ፡ እምነትን ድሌታትን ተዛሚዶም ብኣወንታ ወይ ብኣሉታ ዝግለጹን ብኡ መጠን ዝስራሓሎምን ኣገልግሎት ዝህቡን እዮም። እዞም ባእታታት እዚኣቶም ኣወንታውን ኣሉታውን ኣበርክተኦም ብዝተፈላለየ መልክዓትን መዳያትን ክግለጹን ከገልግሉን ይኽእሉ እዮም። ንኣብነት ኣብ ዓለማዊ /ፖለቲካዊ/ መዳይ፡ ብሄራዊ፡ ባህላውን ሃይማኖታውን መዳያት ምጥቃስ ይካኣል።***

***እዞም ኣተሓሳስባታትን እምነታትን እዚኣቶም፡ ብዝተፈላለየ መልክዕ ክግለጽ ዝኽእል ኣብ ሕብረተ-ሰብን ሃገርን ዝገብርዎ ኣወንታዊ ኣስተዋጽኦ፡ እቲ ሕብረተ-ሰብ /ህዝቢ/ ኩሉ-መዳያዊ ኣከናውንኡ፡ እምነቱ፡ ባህሉ፡ ልማዱን ታሪኹን ዓቂቡ ተዛማዲ ሰላም ረኺቡ ሓድነቱን ሓባራዊ ረብሕኡን ብምርግጋጽ፡ ኩሉ-መዳይዊ ሂወቱ ኣብ ምምራሕ ዘኽእልዎ ስለዝኾኑ፡ ኣወንተኦም ዓብን መዘና ዘይርከቦን እዩ። ብኣንጻር'ዚ እቶም ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝግለጹ ማለት ናይ ትምክሕትን ጽበትን ድሑራት ኣተሓሳስባታት፡ ዝጻወትዎ ኣሉታዊ ኣስተዋጽኦ ድማ ኣብ ህይወት ናይ'ቲ ሕብረተ-ሰብን ሃገርን ህልቂትን ዕንወትን ኩሉ-መዳያዊ ግትኣተ-ምዕብልናን ኣሉታዊ ኣበርክትኦም መዘና ዘለዎ ኣይኮነን።***

***እዞም ብዝተፈላለየ መልክዕን ኣሉታዊ ኣስተዋጽኦን ዝግለጹ ኣተሓሳስባታት እዚኣቶም፡ ከመይ ዝኣመሰሉ እዮም? ኣብ ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልስና'ኸ እንታይ ዕንቅፋትን ጸገማትን የበርክቱ ኣለዉ? ብከመይ'ከ ክንምክቶምን ከነፍሽሎምን ንኽእል? ዝብሉ ኣገደስቲ ነጥብታት ምርኣይ ሓገዝቲ ስለ ዝኾኑ እስከ ሓደ ብሓደ ኣሉታዊ ተረኦም ንርአ፦ ትምክሕታዊ ኣረኣእያ ናይ ልዕልነትን ኣንነትን መንፈስ ዝተላበሰን ብዘይካ ናይ ውልቁ እምነት፡ ብቕዓት፡ ህልውና፡ ጠቕምን ወሳንነትን፤ ናይ ካለኦት እምነት ህልውና፡ ጠቕሚ፡ ተሳትፎን ብቕዓትን ብእምነት ስለ ዘይቅበል፡ ዘየኽብርን ዘየሳትፍን እቲ ዝዓበየን ቀንድን ጠንቂ ናይ ዘይምስምማዕን ግጭትን ብምዃን ኣብ'ቲ ሕብረተ-ሰብን ሃገርን ከቢድ ህልቂት፡ ዕንወትን ምፍልላይን ዘውርድ ኣሉታዊ ኣረኣእያን ተርእዮን 'ዩ። ናይ ትምክሕትን ጽበትን ኣረኣእያታት ብሕብረ-ብሄራዊ፡ ብሄራውን ሃይማኖታውን መልክዓት ውደባ ክኽሰቱን ክዝውተሩን ዝኽእሉ ተርእዮታት እዮም።***

***ኣብ መስርሕ ሓርነታዊ ቃልስና እዞም ኣሉታውያን ኣተሓሳስባታት እዚኦም፡ ብከመይ'ዮም ኣሉታዊ ተረኦም እናተጻወቱ መጺኦምን ዝጻወቱ ዘለዉን ክንርኢ እንከለና ድማ፣ ትምክሕታዊ ኣተሓሳስባ ካብ ነዊሕ እዋን ጀሚሩ ኣብ ሰውራና ብሕብረ-ብሄራዊ ውደባ ዝግለጽ ናይ ትምክሕቲ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ብምሓዝ፡ ካብ ውድቡ ወጻኢ ንዝርከቡ ውድባት ምንቅስቓሳት፡ ኣብ'ቲ ቃልሲ ብነጻ ከይንቀሳቐሱን ናይ ቃልሲ እጃሞም ከየበርክቱን ብስም "ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብ ንላዕሊ ክጸውር ኣይክእልን እዩ" ዝብል ግጉይ ፖለቲካዊ እምነት፡ ኣብ ዓውደ-ተግባር ውድባዊ ልዕልነት ንምርግጋጽ ክበሃል ክውሰድ ዝተጀመረን ዝቐጸለን ናይ ቅንጸላን ምጽራይን ኣዕናዊ ስጉምቲ፡ ኣብ ህዝባዊ ቃልስና ታሪኽ ዘይርስዖ ናይ ህይወት፡ ንብረትን ሞራልን ክሳራታት እናስዓበ ከም ዝመጸ ታሪኻዊ ሓቂ እዩ።***

***ኣብዚ ግዜ'ዚ'ውን እንተኾነ፡ እዚ ትምክሕታዊ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባ'ዚ ዝወነኑ ኣካላት፡ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ ኮይኑ ሓይልን ዕድልን ረኺቦም ኣብ ልዕሊ ካለኦት ውድባት /ኣካላት/ ናይ ቅንጸላን ምጽራይን ተግባራዊ***

ስጉምቲ ክወስዱ ኣብ ዘይክእልሉ ጭቡጥ ኩነታት ይሃልዉ ደኣምበር፡ በኣተሓሳስባ ደረጃ ክረአ እንከሎስ፡ ኣዕናዊ ፕሮፖጋንዳ ካብ ምንዛሕ ዝተቐጠቡ ኣይኮኑን። ንኣብነት ብብሄራውን ሃይማኖታውን መልክዓት ውደባታት ተጠቒሞም ንመሰሎም ንዝቃለሱ ውጹዓት ወገናት፡ ከም ትሕቲ ሃገራዊ ዝኾነ ኣታሓሳስባን ዕላማን ዝሓዙን፡ ኣብ መጻኢት ኤርትራ ንህዝብን ሃገርን ዝጐድእ ብሄራውን ሃይማኖታውን ምፍንጫል ንምክያድ ዓሊሞም ይነጥፉ ከም ዘለዉ ኣምሲሎም፡ ናይ ጸለመ ወፍሪ እናንዝሑ፡ ንነብሶም ከኣ ከም ሃገራውያንን ተጣበቕቲ ውሑስ ሃገራዊ ሓድነትን ቀጻልነትን ኣምሲሎም ብምግላጽ ዘካይድዎ ዘለዉ ፕሮፖጋንዳዊ ንጥፈታት፡ ሓደግኡ ኣቃሊልካ ዝረአ ኣይኮነን።

ብተወሳኺ ኣብ ልዕሊ'ቶም ካብ ብሄራውን ሃይማኖታውን መልክዕ ውዳበታት ወጻኢ ብሕብረ ብሄራዊ መልክዕ ተወዲቦም ዝቃለሱ ዘለዉ ውድባት፡ ዘካይድዎ ናይ ምንእኣስ ጸለመን ፕሮፖጋንዳን ብሓፈሻ ከም ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ እቶም ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ዕላማታት ብምጭባጥ ንሞዕዋቱ ዝቃለሱን፡ ዝተፈላለዩ መልክዕ ውዳበታት፡ ብሄራውን ሃይማኖታውን ካልእን ከም መሳርሒ ናይ ቃልሲ ክስራሓሎም ዝኣምኑን ተቓለስቲ ውድባት ድማ ብፍላይ፡ ከም ንህዝብን ሃገርን ዝጐድእ ፈናጫሊ ዕላማ ዘነጣጥፉ ኣምሲሎም ብምግላጽ፡ ጸቢብ ሃገራዊ ስምዒት ብምምዝማዝ ዘካይድዎ ዘለዉ ትምክሕታዊ ፖለቲካዊ ጐስጓሳት'ውን ኣቃሊልካ ዘይረአ'ዩ።

ብሓጺሩ ትምክሕታዊ ኣተኣሓሳስባ ዝወነኑ ኣካላት፡ ዋላ'ኳ ከም ኩሉ ውጹዕ ህዝብና በቲ ኣረሜናዊ ስርዓት ዝተጨቆኑን መሰሎም ንምርግጋጽ ኣብ ደምበ ውጹዓት ብምዕሳል ዝቃለሱ ዘለዉን እንተኾኑ፡ ካብ'ቲ ናይ ብደዐን ድሑርን ትምክሕታዊ ኣተሓሳስባኦም እናተበገሱ ተቓዋሚ ሓይልታትና ተኣማሚኑ፡ ተዋሃሂዱን ተደጋጊፉን ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላኢ /ህግደፍ/ ኣድማዒ ቃልሲ ከየካይድ ዝዕንቅጽ፡ ናይ ድሕረትን ጽበትን ኣተሓሳስባታትን መንፈሳትን መመሊሶም ክበራበሩን ክዓኩን፣ ዓንቃፊ ተርኦም ክጻወቱን ኣብ ምግባር ዝጻወትዎ ዘለዉ ኣሉታዊ ተራ ቀሊል ኣይኮነን። ናይ'ዚ ትምክሕታዊ ኣተሓሳስባ'ዚ ጉድኣት ከኣ ኣብ ህልዊ መስርሕ ቃልስና ኣሉታዊ ተራ ካብ ምጽዋት ሓሊፉ፡ ኣብ መጻኢት ኤርትራ'ውን እንተኾነ፡ ናይ ህዝብታትና መሰል፡ ሓድነት፡ ማዕርነትን ምዕባለን ንከይረጋገጽ ዝዕንቅጽ ኣረኣእያ ስለ ዝኾነ፡ ናይ ሕጅን መጻእን ኣሉታዊ ኣስተዋጽእኡ ብምግንዛብ ንምፍሻሉ፡ ኣንጻሩ ኣብ መትከል ዝተሰረተ ቀጻልነት ዘለዎ ሰላማዊ ፖለቲካውን ፕሮፖጋንዳውን ቃልሲ ከነካይደሉ ዘለና ጉዳይ እዩ።

በቲ ካልእ ገጽ ድማ ጸቢብ ኣተሓሳስባ፡ ዋላ 'ኳ ትምክሕታዊ ኣተሓሳስባን ተግባርን ዝፈጥሮን፡ ከም ትምክሕትነት ብጠንቅነት ዘይሕተትን ማዕሪኡ ክስራዕ ዘይካኣልን እንተኾነ፡ ኣብ ቃልስና ዝጻወቶ ዘሎ ኣሉታዊ ተራ ግን ዓቢ'ዩ። ምኽንያቱ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ዝወነነ ኣካል፡ ካብኡ ወጻኢ ንዘለዉ ኣካላት ብግቡእ ዘይግንዘብን ኣነጺሩ ዘየቐምጥን ኩሉ ንመንነቱ፡ መሰሉ፡ እምነቱን ተሳትፍኡን ዝጻባእ ገይሩ ብምርኣይ፡ ወጻዕን ተወጻዕን /ፈታውን ጸላእን/ ብዘይፈሊ ንኩሉ ከም ጨቋንን ጸላኢኡን ገይሩ ብምውሳድ፡ ብናይ ነፍሰ-ትሕተት ተረድኦን መንፈስን ተጠቒዑ፡ ኣብ'ቲ ሕብረተ-ሰብን ቃልሲ ናይ ውጹዓትን ምትእምማን፡ ሓደነትን ሓድነታዊ ቃልስን ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላእቲ ብግቡእ ንከይካየድ ዓንቃፊ ተራ ዝጻወት ኣረኣእያ እዩ። ናይ ጽበት ኣረኣእያታትን ንጥፈታትን ብሕብረ-ብሄራዊ፡ ብሄራውን ሃይማኖታውን መልክዓት ውደባታት ክንጸባረቕን ክዝውተርን ዝኽእል ተርእዮ እዩ።

ኣብ ቃልስና ዝራኣዩ ዘለዉ ናይ ጽበት ኣተሓሳስባታት እንታይ ኣሉታዊ ኣስተዋጽኦ ይገብሩ ኣለዉ ኢልና ክንርኢ እንከለና ድማ፡ ሕብረ-ብሄራዊ መልክዕ ውደባ ዝሓዙ ጸበብቲ ኣረኣእያታትን ኣካላትን፡ ውድቦም /ሰልፎም/ ኣብ ክንዲ ንመሳርሒ ናይ'ቲ ህዝባዊ ቃልሲ ምጥቃም፡ ብኣንጻሩ ከም መረጋገጽን መሐለውን ውልቀ ውድባዊ ጸቢብ ረብሓን ስልጣን ናይ መሪሕነቶምን ገይሮም ብምውሳድ፡ ኣብ ውሽጦም ብናይ ስልጣን ቁሩቁስ እናተመናጨቱን እናተፈናጨሉን ሓይሎም እናኣዳኸሙ ብሓደ ገጽ፣ በቲ ካልእ ገጽ ድማ ምስ መላፍንቶም ዝኾኑ ተቓለስቲ ኣካላት ብዓይኒ ቅርሕንትን ጥርጠራን እናረኣዩ ምትእምማን፡ ምድግጋፍን ተማሓዚኻ ምቅላስን ከይድልድል ኣብ ምግባር ዝጻወቶ ዘሎ ዕንቅፋት፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ መስርሕ ሓርነታዊ ቃልስና ዝራኣዩ ዘለዉ ደኸመታትን ጸገማትን እዩ።

ብብሄራዊ መልክዕ ውደባ ዝግለጽ ጸቢብ ኣተሓሳስባን ንጥፈታትን ኣብ ቃልስና ዝፈጥሮ ዘሎ ጸገማትን ድኽመታትን መበገሲኡ ክንርኢ እንከለና ድማ፣ ብሄራዊ ጭቆና መበገሲኡ ደርባዊ ጭቆና ምዃኑ፡ ብብሄራዊ

መልክዕ ውደባ ዝካየድ ቃልሲ ባህሪኡን ዕላምኡን ኣካል ኣምሳል ናይ'ቲ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቃልሲ ናይ ውጹዓት ህዝብታትና ምዃኑ፡ ኣብ'ቲ ቃልሲ ናይ ውጹዓት ተቓለስቲ ብሄራት /ህዝብታት/ ዝምድና ክህሉ ኣድላይን ግድንን ምዃኑ፡ ብባህሪ ዘይምቕባል ብቀንዱ፣ ሕጽረት ዓቕምን ተሞክሮን ናይ ገለ ኣካላት ድማ ብመጠኑ ህልዊ ስለ ዝኾነን እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ኣብ'ቶም ብብሄራዊ መልክዕ ዝተወደቡ ኣብ ውሑዳት ዘይኮኑ ኣካላት፡ ብብሄራዊ መልክዕ ዝግለጽ ጸቢብ ኣረኣእያ ብጭቡጥ ዝረአን ዝሰርሕን ዘሎ ተርእዮ'ዩ።

ብሄራዊ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ኣሉታዊ ተርእዮ መጀመርያ ኣብ'ቲ ብብሄራዊ መልክዕ ተወዲቡ ዝቃለስ ዘሎ ጭቁን ብሄር /ህዝቢ/ እዩ ጉድኣት ዘውርድ። ምኽንያቱ ብሄራዊ ጽበት ዘለዎም መሪሕነታዊ ኣካላት መበገሲ ናይ ደርባውን ብሄራዊ ጭቆንኡን ዝበጽሖ ዘሎ ኣድልዎን ብደርባውን ስነ-ፍልጠታውን ኣገባብ ብልክዕ ስለ ዘይሕብርዎን፣ ከምኡ ዝኣመሰሉ ደርባዊ ጭቆናን ምዝመዛን ዝበጽሖም ውጹዓት መሓዙት ከም ዘለውዎ፡ ምሰኣቶም ተደጋጊፉ ምስ ዝቃለስ ንዓወት ቃልሱ ኣገዳስን ኣቃላጣፍን ምዃኑ ዘርኢ እኹል ፖለቲካዊ ንቕሓት ዘጫብጥ ኣስተምህሮ ስለ ዘይህብዎን ዘይረክብን፡.. ተደማሚሩ ውጹዓት መቓልስቶም ኣብ ምፍላጥ ይኹን ምሰኦም ተደጋጊፎም ኣንጻር ናይ ሓባር ጸላእቶም ብብቕዓት ኣብ ምቅላስ ዝፈጥሮ ዘሎ ዕንቅፋት /ብኩራት/ ብቐሊሉ ዝረኤ ኣይኮነን።

ብተወሳኺ ብሄራዊ ጸቢብ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ኣካላት፡ ዝኾነ ናይ ውጹዓት ቃልሲ ብሄራዊ መልክዕ ውደባን ቃልስን ጥራሕ ብምጥቃም ከም ዝዕወት፡ እቶም ካለኦት መልክዓት ናይ ውደባ ግን ግዚኦም ዝሓለፎምን ከም ዘየዐውቱን ገይሮም ብምውሳድ፡ ፍሉይ ናይ ብብሄራዊ መልክዕ ዝተውደቡ ውድባት ግንባር ጥራሕ ክህሉን ክስራሓሉን ኣብ መስርሕ እናተፈተነ ምምጽኡ'ውን ኣብ'ቶም ገለ ብብሄራዊ መልክዕ ዝተወደቡ ብሄራትን ውድባቶምን ክፈጥሮ ዝጸንሐ ተነጽሎን ምድኻምን ብቐሊሉ ዝረኤ ኣይኮነን።፡ ብተወሳኺ ገለ ብብሄራዊ መልክዕ ውደባ ዝተወደቡ ጸበብቲ ኣካላት፡ ኣብ ልዕሊ ሓያሎይ ሃገራውያን ተቓወምቲ ውድባትና ከካይድዎ ዝጸንሑን ገና ብኣተሓሳስባ ደረጃ ዘይተቐየረ ዘሎን ገደብ ዘይብሉ ታሪኻውን ፖለቲካውን ውንጀላ፡ ቅንጸላን ጸለመን'ውን እንተኾነ ኣብ ሞንጎ ተቓወምቲ ሓይልታትና ክፈጥሮ ዝጸንሐን ዘሎን ምጥርጣራትን ምርሕሓቕን ዘይናዓቕ ኣሉታዊ ተራ እዩ ዘለዎ። ብሓጺሩ ብሄራዊ ጽበት ዝፈጥሮ ዕንቅፋት ነቲ ውጹዕ ብሄር /ህዝቢ/፡ ተቓለስቲ ህዝብታትናን ሓይልታትናን ኣብ ህልዊ መድረኽን ብመጻኢ መንጽርን ቀሊል ስለ ዘይኮነ፡ ንውጹዓት ህዝብታትና ፖለቲካዊ ኣገንዝቦ ከትሕዝ ዝኽእል ፖለቲካዊ ቃልሲ ብቐጻሊ ከነካይድ ኣድላይን ግድንን እዩ ዝኸውን።

ሃይማኖታዊ መልክዕ ውደባ ክህሉ እቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና በቲ ጨቋኒ ስርዓት ዝወርድ ዘሎ ኩሉ-መዳያዊ ጭቆናን ሃይማኖታውን ባህላውን ኣድልዎን ግህሰታትን ዝፈጠሮ ወድዕነት ምዃኑ ፍሉጥ እዩ። ሃይማኖታዊ መልክዕ ውደባ ክህሉን ከም መሳርሒ ናይ ቃልሲ ብምጥቃም ነቲ ሓባራዊ ወጽዓ ንምውጋድ ምቅላስን ክድገፍ ዘለዎ እዩ። እቲ ክድገፍ ዘይግበኦ ግን እቲ ብሃይማኖታዊ መልክዕ ውደባን ብዘይተወደበ መንፈስን ዝንጸባረቕ ጸቢብ ሃይማኖታዊ ኣተሓሳስባን ንጥፈታትን እዩ። ምኽንያቱ ጸቢብ ሃይማኖታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ኣካላት፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞና ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝተወደቡ ትምክሕታውያንን ጸበብትን ተቓውሞ ይኹን ብደሆ ኣብ ዘጋጥሞም ግዝያት፡ ኣብ ክንዲ ብእሩምን ሓላፍነታውን ፖለቲካዊ ቃልሲ ዘካይዱን ዝምክቱን ብኣንጻሩ ኣብ ተራ ግብረ-መልሲ ምሃብ እናተጸምዱ፡ ሃይማኖታዊ መልክዕ ዘንጸባርቕ ፕሮፖጋንዳ ብዝተወደቡን ዘይተወደቡን ኣካላት ብግሉጽን ዘይግሉጽን ኣገባብ ክዝውተር ምጽናሑ፡ ገና'ውን ኣሉታዊ ምልክታቱ ዘይሃሰሰን ዘሎን'ዩ።

እዚ ጸቢብ ሃይማኖታዊ መንፈስ እዚ፡ ሃይማኖታዊ ምስኽኻፍ ካብ ምፍጣር ሓሊፉ፡ ሓደ ዓይነት ሃይማኖታዊ እምነትን መልክዕ ውደባ ዘለዎምን ዘይብሎምን ግን ከኣ ብዝዓበየ መልክዑ፡ ተመሳሳልነት ናይ እምነት ዘሎዎም ኣካላት፡ ኣንጻርና ይጉስጉሱ ኣለዉ ዝብሉዎም ዝተፈላለዩ ትምክሕታውያንን ጸበብትን ኣካላት ዝነዝሕዎ ፕሮፖጋንዳ ንምምካት ዝዓለመ፡ ልክዕ ከምቲ ብሄራዊ ውድባት ዝተፈተነ ፍሉይ ምትእኽኻብ ፈጢሮም ዝነጥፍሉ ግዜ'ውን ስለ ዝነበረ፡ እዚ ነቲ ምጥርጣራት ዝያዳ ክኸብድ ገይሩዎ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ኣብ ሞንጎ ተቓወምቲ ሓይልታትና ብሓፈሻ ምጥርጣራት ፈጢሩ፣ ትምክሕተኛታትን ጸበብትን ኣካላት ድማ ንክምዝምዝዎ ዝያዳ ዕድል ረኺቦም፡ ክሳብ ንሃይማኖታዊ መልክዕ ውደባ ከም ሓደገኛ መልክዕ ውደባ ናይ ቃልሲ ኣምሲሎም ብምግላጽ፡ ንምድኻሙ ዘይወድዓውን ዘይቅኑዕን ቅድመ ኩነት እናኣቕረቡ ኣንጻሩ ክሰርሑ ጸኒሖምን ይሰርሑ ኣለዉን እዮም።

ስለዚ ጸቢብ ሃይማኖታዊ ኣረኣእያን ንጥፈታትን ብተርኡ ኣብ ህዝብታትና ብሓፈሻ ተቓወምቲ ኣካላትናን ኣመንቲ ፍሉይ እምነት ዝኾኑ ውጻዓት ህዝብናን ዝፈጥሮ ዘሎ ኣሉታዊ መንፈስን ዕንቅፋትን ቀሊል ስለ ዘይኮነ  ኣብ መስርሕ ሓርነታዊ ቃልስና ይኹን ናይ መጻኢ ኩሉ-መዳያዊ ህይወት ናይ ህዝብናን ሃገርናን ዘይጠቅም ስለ ዝኾነ፡ ብእኡምን ሓላፍነታውን ቃልሲ እናመከትና ንክነፍሽሎ ምቅላስ ኣገዳሲ እዩ ዝኸውን።

ጥቕልል ብዝበለ ኣገላልጻ፡ ካብ ብዝተፈላለዩ መልክዓት ዝተወደቡ ይኹኑ ዘይተወደቡ ኣካላትን ውልቀ ባእታታትን ዝብገሱን ዝዝውትውሩን ናይ ትምክሕትን ጽበትን ኣተሓሳስባታትን ንጥፈታትን ጸረ-ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቃልስናን ስሉጥ ዓወቱን መጻኢኡን ስለ ዝኾኑ፡ ንምፍሻሎም ብንቕሓት ክንቃለስ ግድንን መተካእታ ዘይብሉን ስለ ዝኾነ መኸተና ኣደልዲልና ኣብ ቃልሲ ዓቲብና ንመርሽ።

ካብ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ ወግዓዊት ልሳን ደግሓኤ መጋቢት 2017 ቁጽ 16 ዝተወሰደ

ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 22-03-2017